# መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



# እቲ ናይ ሓዊ ሰብ


ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Lazarus, Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ E. Frischbutter

ተርጋሚ፡- ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ




ኣባዛሒ:- Bible for Children
www.M1914.org




©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣





ኵሉ ነገር ኣብ እስራኤል ሕማቕ ይመስል ነበረ፡ ንጉስን ንግስትን ንኣምላኽ ጸልእዎ፡ ሕማቕ ኣብነት ድማ ኰኑ፡ ነዊሕ ከይጸንሐ ድማ እቲ ህዝቢ ንኣምላኽ ጸልኦን ንካልኦት ናይ ሓሶት ኣማልኽቲ ከምልኽ ጀመረ፡ ንኣምላኽ ዜፍቅሮ ሰብ ይህሉ'ዶ ይኸውን፡ እወ ውሑት እሙናት ንእግዚኣብሔር ዘምልኹ ሰባት ነይሮም ኢዮም፡ ሓደ መዓልቲ ኣምላኽ ኤልያስ ንዝስሙ ሓደ ካብኣቶም ተዛረቦ።



ኤልያስ ነቲ ክፉእ ንጉስ ኣከኣብ "በቲ ህያው ኣምላኽ እስራኤል ኣምሕል፡ ብዘይካ ብቓለይ ኣብዚ ዓመታት እዚ ዝናብ ኣይክህሉን እዩ" በሎ፡ እዚ ድማ ጥሜት ማለት እዩ ነይሩ! ኣምላኽ ንህዝቡ እስራኤል ብክፋኦም ከመላለሱ ኣይክፈቕድን ኢዩ።




3



ኣምላኽ ነቲ ንጉስ ምስ ኣጠንቀቐ ንኤልያስ ናብቲ ኣብታ ሃገር ዚርከብ ጸጥ ዝበለ ቦታ ለኣኾ፡ ኣብኡ ኸኣ ኤልያስ ኣብ ወሰን ወሓዚ ማይ ተቐመጠ፡ ኣምላኽ ድማ ዝምግብዎ ኳኽ ይሰደሉ ነበረ፡ እንጌራን ስጋን ድማ ንግሆን ምሸትን የምጽእሉ ነበሩ፡ ኤልያስ ከኣ ካብቲ ውሒዝ ማይ ይሰተ ነበረ።

4



ኣብታ ምድሪ ዝናም ስለ ዘይነበረ ነዊሕ ከይጸንሐ እቲ ውሒዝ ነቐጸ፡ ቃል ኣምላኽ ድማ ተፈጸመ፡ ኣብታ ሃገር ብምልእታ ማይ ተሳእነ፡ እቲ እኽሊ ውን ኣይበቍልን፡ ሰባት ድማ ጠመዩ፡ ኤልያስ እቲ ማይ ምስ ጠፍአ እንታይ ከም ዜጋጥሞ ተጨኒቁ ኪኸውን ይኽእል እዩ።

5

ኣምላኽ ንኤልያስ "ተንስእ ናብ ሰራጽታ ኺድ እሞ ኣብኣ ተቐመጥ። ሓንቲ መበለት ክትከናኽነካ ኣዚዘ ኣለኹ በሎ፡ ኣምላኽ ንጊልያኡ ዜድልዮ ይፈልጥ ነይሩ እዩ፡ ከመይ ዝበለ ፍልይ ዝበለ መገዲ ነይሩ፡ ኤልያስ ብትሕትና ንኣምላኽ ተኣዘዘ ። ናብ ሰራጽታ ምስ



በጽሐ እታ መበለት ኣብ ኣፍ ደገታት እታ ኸተማ ዕንጨይቲ ትእክብ ነበረት።

6


ኤልያስ ነታ ሰበይቲ "በጃኺ ሒደት ማይ ኣብ ጽዋእ ኣምጽእለይ ኢሉ ሓተታ፡ "በጃኺ እንዶ እንጌራ ውን ኣምጽእለይ በላ፡ እታ መበለት ከኣ "እንጌራ የብለይን፡ ኣብ ዕትሮይ ግን ዕማኾ ሓርጭን ሒደት ዘይቲን ጥራይ ኣለዋኒ በለቶ።

እቲ ዘሕዝን ግና እታ ሰበይቲ ነቲ ነብዩ እዚ ምስ ተወድአ ንሳን ወዳን ብጥሜት ከም ዚሞቱ ነገረቶ።




7

"ኣይትፍርሂ'' ቅድም ካብኡ ንእሽቶ ቅጫ ሰንክትለይ፣ ብድሕሪኡ ኸኣ ንርእስኻን ንወድኽን ሰንክቲ ፡ እግዚኣብሄር ዝናም ናብ ምድሪ ኽሳዕ ዚሰድድ እቲ ሓርጭ ኰነ እቲ ዘይቲ ኣክውዳእን ኢዩ በላ፡ ኣምላኽ ነዚ ንምግባር ተኣምር ከገብር ኣለዎ፡ ከምኡ ድማ ገበረ፡ እታ ሰበይትን ወዳን ንብዙሕ መዓልትታት እኳ እንተ በልዑ እቲ ሓርጭ ኮነ እቲ ዘይቲ ኣይተወድአን።



8


ኤልያስ ድማ ምስኦም ይነብር ነበረ፡ ሓደ መዓልቲ ሓደ ዜሕዝን ነገር ኣጋጠመ እቲ ወዲ እታ መበለት ሞተ፡ ኤልያስ ንሬሳ እቲ ቈልዓ ናብቲ ላዕለዋይ ደርቢ ወሰዶ እሞ ናብ እግዚኣብሔር "ኦ ኣምላኸይ እጽሊ ኣለኹ፣ ነፍሲ እዚ ቈልዓ እዚ ናብኡ ትምለስ" ኢሉ ጸለየ፡ ከመይ ዝበለ ዘይከኣል ጸሎት ኰን እዩ!
9


እግዚኣብሔር ጸሎት ኤልያስ ሰሚዑ፡ እቲ ቆልዓ ድማ ህይወቱ ተመልሰት፡ ኢልያስ ነቲ ቆልዓ ናብ ኣዲኡ ህያው ገይሩ ምስ ኣምጽኦ፡ እታ ሰበይቲ፡ ንስኻ ናይ ኣምላኽ ሰብ ምዃንካን፡ ኣምላኽ ውን ብኣኻ ከም ዝዛረብ ሕጂ ፈሊጥኩ ኢላ ተዛረበት።
10


ድሕሪ ሰለስተ ዓመት ኣምላኽ ንኤልያስ "ኣብ ምድሪ ዝናም ከም ዝሰድድ" ኢሉ ናብ ንጉስ ለኣኾ። ናብ ኣከኣብ ኪድ በሎ፡ ኤዛቤል ሰበይቲ ኣክኣብ ኣብቲ ግዜ ሚእቲ ነብያት ኣምላኽ ቀቲላ ነበረት፡ ኤልያስ ግና ኣይተኸራኸረን ናብቲ ንጉስ ውን ከደ።
11


ምስ ተራኸቡ ድማ ኤልያስ ንኣከኣብ ንዅሎም እስራኤላውያንን ነቶም 850 ናይ ሓሶት ነብያትን ኪእክቦም ነገሮ፡ ኤልያስ ድማ ነቲ ህዝቢ ኣብ ከረን ቀርሜሎስ ከምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ "እግዚኣብሄር ኣምኣኽኩም እንተ ድኣ ኰይኑ ስዓብዎ በሎም።
12


ኤልያስ ክልተ ኣብዑር ንመስዋእቲ ኣዳለዉ፡ እንተኾነ ግን ሓዊ ኣይገበረሉን፡ ከምዚ ድማ በለ ንስኻትኩም ስም ኣምላኽኩም ጸውዑ ኣነ ድማ ስም እግዚኣብሄር ክጽውዕ እየ፡ እቲ ብሓዊ ዚምልስ ኣምላኽ ከኣ ንሱ ኣምላኽ ይኹን በሎም፡ እቶም ህዝቢ ኸኣ "ጽቡቕ ዘረባ እዩ እተባህለ" ኢሎም መለሱ።
13



እቶም ሓሰውቲ ነብያት ድማ ካብ ንግሆ ኽሳዕ ምሸት ነቶም ናይ ሓሶት ኣማልኽቶም እንዳዘለሉ፡ እንዳሳዕስዑን፡ ኣካላቶም ብስሕለት እንዳጠብሑ ይጽውዑ ነበሩ ዝሰምዖም ግን ኣይነበረን ሓዊ ውን ኣይወረደን።
14



ሽው ኤልያስ ነቲ ዕንጨይትን
መስዋእትን ብማይ
ኣጠልቀዮ፡ "ዎ ጐይታይ
እዚ ህዝቢ እዚ ንስኻ
እግዚኣብሄር ኣምላኽ
ምዃንካ ምእንቲ ኺፈልጥ
ስማዓኒ፡ በለ ሽው ሓዊ
እግዚኣብሄር ወረደ፡ ነቲ
ብዕራይን ነቲ ዕንጨይትን
ኣንደዶ ብድሕሪኡ ውን ነቲ
መሰውኢ እምኒ ኣንደዶ።


15

እቶም ህዝቢ ነዚ ምስ ረኣዩ "እግዚኣብሄር ንሱ ኣምላኽ
እዩ፡  ኢሎም ጨደሩ፡ ኤልያስ ከኣ ከምዚ በሎም
"ንነብያት በዓል ሓዝዎም፡ ሓደ ኻባታቶም ኬምልጥ
ኣይትፍቅድ በለ፡ ኤልያስ እቲ ንጉስ ኣከኣብ ቅድሚ
ነዊሕ እዋን ክገብሮ ዝነበሮ ዝነበረ ኢዩ ገይሩ፡ ነቶም
ናይ ሓሶት ነብያት ከኣ ቀተሎም።



16

ድሕርዚ ኣገልጋሊ ኣምላኽ
ንኣከኣብ ዝናም ከምዝዘንብ ነገሮ፡
ነዊሕ ከይጸንሐ ድማ ንእሽቶ ደበና
ተራእየ፡ ንልዕሊ ሰለስተ ዓመት ሞት
ዘኸተለ ድርቂ ምስ ኣጋጠመ
ዝናብ ክዘንብ’ዶ ይኸውን፧



17



ድሕሪ ቍሩብ ግዜ ሰማይ
ብደበናን ብንፋስን ጸልመተ
ብርቱዕ ዝናም እውን ኰነ፡
ኣምላኽ ዝናም ሰደደ፡ ኤልያስ
ሓቀኛ ከም ዝኾነ ድማ ነቲ ህዝቢ
ኣርኣዮም፡ ንበይኑ ናይ ሓቂ
ኣምላኽ ምዃኑ ውን ኣር ኣየ

18



ንጉስ ኣከኣብ ንኣምላኽን
ንባርያኡ ኤልያስን በቲ ዝኾነ
ነገር ኣኽቢርዎም’ዶ ፡
ኣይፋልን፡ ግዳስ ኤልዛቤል
ንኤልያስ ክትቀትሎ ፈተነት
ንሱ ግን ሃደመ፡ ኣብ መወዳእታ
ኣከኣብ ኣብ ውግእ ሞተ እቶም
ኣገልገልቱ ድማ ንኤልዛቤል
ካብቲ ኣብ ቤተ-መንግስቲ
ዝነበረ ነዋሕቲ መንደቕ
ኣጽደፍዎ፡ ኣብ ታሕቲ ኣብ ዘሎ
ኣእማን ወዲቃ ድማ ሞተት።

19



ኤልያስ እንታይ ኣጋጠሞ፡ ሓደ መዓልቲ
ኣምላኽ ሰረገላ ሓዊ ምስ ኣፍራስ ሰደደ፣ እቲ
ናይ ኣምላኽ ናይ ሓዊ ሰብ ዝነበረ ኤልያስ
ከኣ ብህቦብላ ንፋስ ናብ ሰማይ ዓረገ።

20


እቲ ናይ ሓዊ ሰብ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

1 ነገስት 17-19, 2 ነገስት 2

″ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።″ መዝሙር 119፣130






24

60



እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እም ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3።16